folktandvardensormland.se

EFTER OPERATION TIGRINJA

# ድሕሪ ምስዳድ ስንን መጥባሕትን

**ድሕሪ ምስዳድ** ስንኺ ወይ ኣብ ኣፍካ መጥባሕቲ (ኦፐረሽን) ምስ ተገብረልካ፡ ክትሓስበሎም ዘድልየካ ንዕኡ ዚምልከቱ ሓደሓደ ነገራት ኣለዉ።

- እቲ ምድንዛዝ ከይገደፈካ፡ ኣፍካ ካብ ምጕጽ ጓጽ፡ ካብ ምብላዕን ምትካኽን ተቈጠብ። እንተ ወሓደ ሓደ ሰዓት ተጸበ።
- ንግዜኡ ኣብ ጥቓ’ቲ ቊስሊ ብቐጥታ ኣይትፋ ሕፍሕ። ካብኡ ዝተረፈ ከምቲ ንቡር ስንኻ ክት ፍሕፍሕ ትኽእል ኢኻ።
- ነቲ ቊስሊ ኣይትምጸዮ፤ ብመልሓስካ ከኣ ኣይ ትተናኽዮ! ዋላ ከምዚ ገለ ዝለገቦ ኰይኑ እንተ ተሰምዓካ፡ ነቲ ቊስሊ ኣይትተናኽዮ።

## ድሒሩ ዚስዕብ ጸገም

**መድመይቲ፡-** ድሕሪ ሕክምና፡ እቲ ቊስሊ ዳርጋ ኲሉ ሳዕ’ዩ ቀሩብ ዚደሚ። እዚ ንቡር ተርእዮ ስለ ዝኾነ ምንም ዘሻቕል ነገር የብሉን። መድመይቲ ደው ኪብል ግዜ እንተ ወሲዱ፡ ነቲ ዝተዋህበካ ጕዝጓዝ ደም (ኮምፕረሰር) ተጠቐመሉ። ጕዝጓዝ ደም (ኮምፕረሰር) ብዝሁም ማይ ኣተርኪስካ፡ ንኣስታት 15 ደቓይቕ ነኺስካ ሓዞ።

**ሕበጥ፡-** ስሕት ኢሉ፡ ኣካልካ ኣብ ከባቢ’ቲ ቊስሊ ሕበጥ የላዕለልካ’ዩ። እዚ ከኣ፡ ከም ንቡር ኣፍካ ሃህ ከተብል ቀሩብ ከም ዚጽግመካ ኪገብር ይኽእል’ዩ። ድሕሪ ቀሩብ ግዜ፡ ሕበጥን ኣፍካ ሃህ ናይ ምባል ጸገምን ሕይሽ ይብለካ፤ ጸኒሑ ከኣ ብሰሩ ይገድፈካ።

**ቃንዛ፡-** ንሓደ ክልተ መዓልቲ፡ ኣብ ኣፍካ ቃንዛ ኪስምዓካ ይኽእል’ዩ። ድሕሪ ቀሩብ ግዜ እቲ ቃንዛ ይንኪ’ዩ። ዘድልየካ እንተ ኾይኑ፡ ፈውሲ ቃንዛ ከኒና ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

**ምሳና ርክብ ግበር እንተደኣ፡-**

- ደም ደው ከተብሎ ዚጽግመካ እንተ ኾይኑ ወይ ከም ብሓድሽ ክትደ+-ሚ እንተ ጀሚርካ።
- ጸገም ሕበጥን ኣፍካ ሃህ ናይ ምባል ጸገምን እንተ ዘይነከዩ።
- ክትውሕጥ ወይ ክትሰቲ ዚጽግመካ እንተ ኾይኑ።
- ቃንዛኻ እንተ ዘይነከዩ።
- ረስኒ እንተሎካ።

Folktandvården Sörmland